ኢየሱስ ነብ ለዮፖልዶ ካብ ዝገለጸ ።

ብዛዕባ ስግደት ናብ ኢየሱስ ስቑል ።

"ከም መዓልቲ ዐርቢ ስቕለት ፡ ብመንፈሳ ውነት ፡ ስግደት ይዘውተር ። ንዅሉም እ ቶም ብንጹሕ ሕሊና ተደፊኦም ዝሰግዱ ለይ ፡ ብዙሕ ጸጋይን ረድኤተይን ክህቦም እየ" ።

"ስግደት ንመስቀል ኣብ መላእ ዓለም ይስ ፋሕፋሕ ፡ በዚ መንፈሳዊ ተግባር'ዚ ከአ መንክራት እግዚ.አብሔር ክርኤ እዩ" ።

"በዚ ናይ ስግደት ተግባር'ዚ ፡ ቍጽሪ ዘይ ብለን ነፍሳት ክ'ድኅና እየን" ።

ብዛዕባ ማኅበር መ. ት. ክርስቶስ ።

"እዚ ዝ'ምሥረት ዘሎ ማኅበር ፡ ቅድሚ ዅሉ ፡ ብመንፈሳውነትን ብምትሕግጋዝን ብትሕትናን ብግብርን ብጽኑዕ·ፍቕሪ·ኅ ውነትን ይትሐነፅ ፡ ምስ ኢየሱስ ስቑል ብታሕንስ መስቀልካ ብምጻር ከአ ይፈ ጸም" ።

"እዚ ዝ'ቘውም ዘሎ ማኅበር ፡ ናብ መላእ ዓለም ስፊሑ ፡ ከም ፈራዩ አም ፡ መጠን ዘይብሉ ፍረ ክ'ህብ እዩ" ።

"ካብ'ዚ ማኅበር'ዚ ፡ ብዙኃት ቅዱሳን ክውጽእ እየ ።

"ካብ'ዚ ፡ መንፈሳዊ ማኅበር'ዚ ፡ ቅዱሳን ወለድን ብዙኅ መንፈሳዊ ጸዋዕታን ክ'ር ከብ እዩ ።

"እዚ ቅዱስ ማኅበር'ዚ ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ስመይ ዝ'በሀል ብዙኅ ቃል ድፍረት ክ'ኽሕስን ፡ ንመንእሰያት ከም ድላይ አምላ'ኽ እናስተምሀረ ፡ ናይ ዓለም ምሕዳስ ኬምጽእን ስለ ዝ'ኾነ ፡ ናብ መላእ ዓለም ክ'ሰፍሕ ድላየይ እዩ" ።


ነዚ ጸሎት'ዚ ክዘውትሩን ፡ ነቲ ናይ ማ.መ.ት.ክ. ዕላማ ክ'ድግፉን ዝ'ደልዩ ክርስትያን ኵሎም ፡ ናብ ማ.መ.ት.ክ. ብምምልካት ከከም ጸዋዕታኦም ደቂ ማኅ በር ክ'ኾኑ ይኽእሉ እዮም ።

ብፍቓድ አሕሉቕ ቤተ ክርስትያንን ፡

ብ ና ይ ኢ የ ሱ ስ ስ ቑ ል ን
ብናይ ንጽሕቲ ድንግል ማርያምን
ማኅበር መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ
ኢ ት ዮ ጵ ያ
መ'ኸን መንበር ኪዳነ ምሕረት
ሣጹን ቡስጣ ቍ. 913
አ ሥ መ ራ
ኅ ል ዮ ዝ ኅ ተ ም ።

ሰላም ንመስቀል·ክርስቶስ ፡
ዕፀ·መድኅኒት ፡ ኀይልናን ምዕናዕናን ።

በዓል·መስቀል ፡ ፲፱፻፹፫ ዓ. ም. ።



"... ካብ ምድሪ ምስ ተለዐልኩ ፡ ንዅሎም ናባይ ክስሕቦም እየ" (ዮሐ ፡ ፲፪ ፡ ፴፪)።

# ስግደት ናብ ኢየሱስ ስቑል።

ኦ ኣምላኽ ንዓ ኣድኅነኒ፡
ኦ ጐይታ ቀልጢፍካ ርድኣኒ።
ስብሐት ።

## ናብ ቊስሊ የማናይ ኢድ ።

ኦ ፍቑር ጐይታይ ኢየሱስ ስቑል ፡ ምስ ኣኖይ ማርያምን ምስ ኵሎም መላእኽትን ጻድቃንን ኅቢረ፡ ናብ ቅዱስ ቊስሊ የማናይ ኢድካ ብልቢ ተደፊኤ፡ እሰግድ ኣሎኹ ። ነቲ ፈጺመ ዝጽየፎ ኃጢአተይ ምእንቲ ክትክሕስ ኢልካ፡ ብዙኅን ዘሰቀቕን ነቅያት ብምቕባልካ ዝገለጽካለይ ወሰን ዘይብሉ ፍቕርኻ እናስተንተንኩ፡ ኤመ ነግንካ ኣሎኹ ። ንቤተ ክርስቲያንካ ኣብ ጳዕሊ ተፃረርታ እትዕወተሉን፡ ንኹላቶም ደቃ ከኣ፡ ትእዛዛትካ እናሐለዉ ብቕድስና ዝነብሩሉን፡ ጸጋ ክትህብ እልምነካ ኣሎኹ ።

ኣበና፡ ሰላም፡ ስብሐት።

## ናብ ቊስሊ ጸጋማይ ኢድ ።

ኦ ፍቑር ጐይታይ ኢየሱስ ስቑል ፡ ምስ ኣኖይ ማርያምን ምስ ኵሎም መላእኽትን ጻድቃንን ኅቢረ፡ ናብ ቅዱስ ቊስሊ ጸጋማይ ኢድካ ብልቢ ተደፊኤ፡ እሰግድ ኣሎኹ ። ንኃጢአተኞታትን፡ ኣብ ጻዕሪ ሞት ንዘለዉን፡ ብኅልፈ ከኣ ነቶም ምሳኻ ክዕረቑ ዘይደልዩን፡ ጸጋኻ ክትህቦም እልምነካ ኣሎኹ ።

ኣበና፡ ሰላም፡ ስብሐት ።

## ናብ ቊስሊ የማናይ እግሪ ።

ኦ ፍቑር ጐይታይ ኢየሱስ ስቑል ፡ ምስ እኖይ ማርያምን ምስ ኵሎም መላእኽትን ጻድቃንን ኅቢረ፡ ናብ ቅዱስ ቊስሊ የማናይ እግርኻ ብልቢ ተደፊኤ፡ እሰግድ ኣሎኹ ። ካብ ውሉደ ክህነትን፡ ካብቶም ንዓኻ ዝተወፈዩ ሰባትን፡ ብዙኃት ቅዱሳን ምእንቲ ክርከቡ፡ ጸጋ ክትህብ እልምነካ ኣሎኹ ።

ኣበና፡ ሰላም፡ ስብሐት ።

## ናብ ቊስሊ ጸጋማይ እግሪ ።

ኦ ፍቑር ጐይታይ ኢየሱስ ስቑል፡ ምስ እኖይ ማርያምን ምስ ኵሎም መላእኽትን ጻድቃንን ኅቢረ፡ ናብ ቅዱስ ቊስሊ ጸጋማይ እግርኻ ብልቢ ተደፊኤ፡ እሰግድ ኣሎኹ። ኣብ መኻን ንስሓ ንዝርከባ ነፍሳት ብኅልፈ ከኣ ነተን ናብ ቅዱሳት ኣቑሳልካ ኅሉፍ መንፈሳውነት ዝነበረን፡ ክትምሕረን እልምነካ ኣሎኹ ።

ኣበና፡ ሰላም፡ ስብሐት ።

## ናብ ቊስሊ ጐድኒ ።

ኦ ፍቑር ጐይታይ ኢየሱስ ስቑል፡ ምስ እኖይ ማርያምን ምስ ኵሎም መላእኽትን ጻድቃንን ኅቢረ፡ ናብ ቅዱስ ቊስሊ ጐድንኻ ብልቢ ተደፊኤ፡ እሰግድ ኣሎኹ። ናብ ጸሎተይ ንዝምኅፀኑ ሰባት ኵሎም ክትባርኾምን፡ ክትሰምዖምን፡ እልምነካ ኣሎኹ ።

ኣበና፡ ሰላም፡ ስብሐት ።

ኦ ኅዝንቲ ድንግል፡
ለምንልና። (፫ ጊዜ)

ኦ ኢየሱስ ስቑል፡ ብናይ ሕማማትካ ትሩፋት፡ ንልመናይ ስምዐዮ። ብኹሉ ኀይለይ ንመንግሥትኻ ክስፍሕ እናተወፈኹ፡ ብቕድስና ክምዝነብርን ምሥጢራትካ ተቐቢለ ክም ዝመውትን፡ ኣብ ዘለዓለማዊ ክብርኻ ከኣ ምሳኻ ክም ዝነብርን ክትገብረኒ እልምነካ ኣሎኹ። ኣሜን ።